*Tigrinja*



HLT

ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ድሕነት

# ንነፍሰጾራት ወለድን ካብ 0–6 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዘለዎም ወለድን ዝግበር ደገፍ ንስኹምን ውላድኹምን ካባና ደገፍ ክትረኽቡ

# ትኽእሉ ኢኹም

**ነቶም ኣብ ህይወትኩም ኣብ ሓደ እዋን፡ ህይወት ብዝበለጸ ንኽሰርሕ ደገፍ ከድልየኩም ይኽእል እዩ። ምስ ናትኩም ፍሉይ ኩነታት ዝተዛመደ ሓገዝ ንህበኩም። እቲ ደገፍ ንኣብነት፡ ደገፍ ወለዲ፡ ስድራቤታዊ ዝርርባት፡ ውልቃዊ ምትዕጽጻፍ፡ ሕክምናታት ወይ ካልእ ንዓኻ ጥራይ ዝተመጣጠነ ፈጠራዊ ፍታሕ ክኸውን ይኽእል። ብድሕሪኡ እቲ ደገፍ ከም ዝሓይሽ ንምርኣይ ብሓባር ክንሓልፎ ኢና።**

ብዙሓት ስድራ ቤታት ኣብ እተወሰነ እዋን ዝሓሸ ናብራ ንኽህልወን ተወሳኺ ደገፍ የድልየን ይኸውን። ንኣብነት፡ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ብሓቂ ዘይሰርሑ ነገራት ወይ ካልእ ነቲ ቆልዓ ዝጸሉ ኣጸጋሚ ፍጻመታት ኣብ ስድራቤት ክኸውን ይኽእል።

ህጻናት ሓደ ነገር ቅኑዕ ኣብ ዘይኮነሉ እዋን ብዝተፈላለየ መንገዲ የርእዩ፡ ንኣብነት ብሕርቃን፡ ዓሂ፡ ቃንዛ ከብዲ፡ ሕማም ርእሲ፡ ጸቕጢ ወይ ጭንቀት። ወላዲ ከም ምኻንካ መጠን፡ ውላድካ ጽቡቕ ኣይስምዖን ኣሎ ኢልካ ተስፋ ምቝራጽን ብስጭትን ክስምዓካ ቀሊል እዩ።

ሓድሓደ ግዜ፡ ስድራ ቤታት ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኵነታት ክኣትዋ ልሙድ እዩ። ሳሕቲ ኣይኰነን፡ ወለዲ ነቲ ኹነታት ብገዛእ ርእሶም ክጻወሩዎ ኺከኣል ኣለዎ ኢሎም ስለ ዝሓስቡ፡ ካብ ስድራ ቤቶም ወጻኢ ካብ ዘለዉ ሰባት ሓገዝ ንምርካብ የጸግሞም።

ተመክሮ ከም ዝሕብሮ፡ እተን ስድራ ቤታት ሓገዝ ዝረኽባሉ ኣቐዲመን እንተ ኰይነን ፡ ኣወንታዊ ለውጢ ቀልጢፍኩም ክትፈጥሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብ HLT ጋንታ ኣቢሉ ምስ ኩነታትኩም ዝተዛመደ ደገፍ ክትረክቡ ትኽእሉ ኢኹም።





# ምስ ስድራኹም ብሓባር ጋንታ ንኽውን

ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ድሕንነት (ብሕጽር ዝበለ HLT) ኣብ መንጎ ኣልፍታን ኤድስቢንን ማእከል ጥዕናኹም፡ ጥዕና ስድራቤት፡ ናይ ኮሙን ቅድመ ትምህርቲ፡ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ድሕነትን ንስኻትኩምን ከም ስድራቤትን ዝተገብረ ምትሕብባር እዩ።

ኩሉ እቲ ኣብ ውሽጢ ናይ HLT ጋንታ ዝዝረብ ነገራት ኣብ መንጎ ናይ ጥዕናን ሕክምናን ክንክን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ህጻናት፡ ማሕበራዊ ድሕነትን ኣገልግሎትን ከምኡውን ንስኽን ስለ ዝጸንዕ ፡ ኩነታት ስድራ-ቤትኩም ብዘይ ስክፍታ ክትነግርዎ ትኽእሉ ኢኺም።

ከም ኣላዪ ወላዲ ወይ ኣላዪ ምሳኻ ድሕሪ ዕላል፡ ደጋፊ ስራሕ ክንጅምር ንኽእል ኢና።

ኣብ ጋንታ HLT እንሰርሕ ዘበልና፡ ብኸመይ ብዝበለፀ መገዲ ደገፍ ክትረክቡ ከም እትኽእሉ ንኽንፈልጥ ብምትሕብባር ምሳኹም ንሰርሕ ኢና። ሓደ ኣገዳሲ ቅድመ ኩነት ንስኻትኩም ከም ስድራቤት ኣብቲ ውጥን ክትሳተፉ ኢኹም። እቲ ዕላማ ንዓኻን ንስድራኻን ኣወንታዊ ለውጢ ምፍጣር እዩ።



# ብዛዕባ ጋንታ HLT ዝያዳ ክትፈልጡ ትደልዩ ዲኹም?

ናብ BVC ነርስኩም፡ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዘለኩም ርክብ፡ ኣብ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ድሕነት ዘለኩም ርክብ ወይ።

ብዛዕባ ጋንታ HLT ዝያዳ ኣብ
**ovanaker.se/hlt** ኣንብቡ

Edsbyn & Alfta
Ovanåkers kommun

Region Gävleborg